**ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ** **جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى**

# ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI

## ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ ንኡስ ጨንፈር ከለንን ከባቢኣን፥

ንሕና ኣባላት ግሃድኤ -ሕድሪ ንኡስ ጨንፈር ከለንን ከባቢኣን ነቲ ሕጂ ኣብ ኣስመራ ተላዒሉ ዘሎ ናይ ህዝቢ መሰል ሕቶ ምሉእ ብምሉ እንዳደገፍና ነቶም ኣብ ማእከል ከተማታት ሃገርና ኮይኖም ነዚ ህዝባዊ ኣብያ ንምልኪ ዘሳለዩን ዘወሃሃዱን ብትብዓቶም ፍሉይ ኣድንቆትና እንዳገለጽና ኣብ ጎኖም ምህላውና ንሕብር።




ስርዓት ህግደፍ ከም ኣመሉ በታ ለፍላፊትን ዘይትልብምን መሓውሩ 03 ኣቢሉ ነዚ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሕቶ መሰል፥ መኣዝኑ ከስሕትን ሃይማኖታዊ ጸግዒ ከምዘለዎ ጌሩ ኪጋውሖን ክህቅን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ነዚ ብግብሪ ተላዒሉ ዘሎ ህዝባዊ ናዕቢ ናብ ናይ መጨረሻ ሸቶኡ ንኽበጽሕ፥ ምክልኻል ሰራዊት ኤርትራ ምስ ደላይ ፍትሒ ደው ክብል፥ ወይጦታት ህግደፍ ናብ ልቦም ተመሊሶም ነዚ ደም ዘንብዕዎ ዘለዉ ህዝቢ ንምኽሓስ ኣብ ጎኒ ደላይ ፍትሒ ክኾኑ እንዳጸዋዕና፥ ደጊምና ምስ ደላይ ፍትሒ ህዝብና ደው ኢልና፥ ዓቅምና ዝኽእሎ ዘበለ ኩሉ ከነበርክት ድሉዋት ምህላውና ነበስር።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!
ግሃድኤ - ሕድሪ ክፍሊ ዜናን ባህልን
ንኡስ ጨንፈር ከለንን ከባቢኣን
04. 11. 2017